# ሓርነታዊ ጕዕዞ ብእግሪ

እቲ ብተበግሶ ዓለማዊ ጥምረት ኣንጻር ጸቕጢ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ፡ ካብ ኒውዮርክ ናብ ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተወደበ ጉዕዞ እግሪ ብተሳትፎ ብዙሓት ኤርትራውያንን ከምኡውን መሓዙት ኤርትራ ዝኾኑ ካልኦት ዜጋታትን ካብ 18 ክሳብ 29 ነሓሰ 2006 ዓ. ም. ፈ. ብክብ ዝበለ ሓቦን ንያትን ይምረሽ ምህላው እንከታተሎ ዘሎና ሓበሬታ የረድእ።

ዕላምኡ ብሓፈሻ ነቲ ብኢ-ቁዋማዊ ዝኾነ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዜጋታት ዝፈጸሞን ጌናውን ዘውርዶ ዘሎ ግፍዕታትን ኩሉ መልክዓዊ ጨካን ግህሰት ሰባኣዊ መሰላትን ናብ መላእ ዓለም ብዝያዳ ንምቅላዕ ኮይኑ ብፍላይ ድማ ጥርዓኖም ብጽሑፍ ናብ ዋና ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራትን፡ መንግስቲ ኣሜሪካን ብምቕራብ ኣብ ልዕሊ'ዚ ጨቋኒ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ሕጋዊ ስጉምቲ ንኽወስዱ ዝዓለመ ኢዩ።

ብጸይትና ሂወት ገብረሚካኣኤል ንውድብ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ህድግኤ) ወኪላ መላእ ቤተሰባን ስራሓን ኣብ ኢንዲያና ሓዲጋ ምስኩሎም'ቶም ውፉያት ኤርትራውያንን መሓዙት ኤርትራን ነዚ ዕላማ'ዚ ደጊፎም ዝውፈዩ ዘለው መረሽቲ ዕጥቃ ሽጥ ኣቢላ ካብ ኒውዮርክ ናብ ዋሺንግቶን ዲሲ ትምርሽ ምህላዋ ድሕሪ ምሕባር ንዓኣን ንኹሎም'ቶም ምሳኣ ዝውፈዩ ዘለው ካልኦት ተወፈይትን ብስም ኩሎም'ቶም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ህግደፍ ብዘይ ፍርዲ ዝበልዩ ዘለው ኤርትራውያንን ብስም ውድብና ህድግኤ ክብርን ምስጋናን ይብጻሓዮም።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ነቶም ሰላም ፍትሒ ሓርነት ኣብ ኤርትራን ካልኦት ጭቁናት ኣህዛብን ምእንቲ ክነግስ ዝቃለሱ ዘለው ተወፈይቲ ኩሉ ዓይነታዊ ሓገዛት ክግበረሎም ንጽውዕ። ብሸነኽናውን ዓቕምና ብዝፈቕዶ ክንተሓጋገዝ ምዃና ነረጋግጽ።

ኩሉ መልክዓዊ ቃልስታት ተጠቒምና ክንዕወት ኢና

ዘለኣለማዊ ዝኽሪን ክብርን ንስዋኣትና።

ዞባ ሽማግለ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን

ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ)

ነሓሰ 25, 2006 ዓ. ም. ፈ.